ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ

ቤ/ጽሕፈት ዜና

ዕለት:01/06/2007

حزب النهضة الارترى

مكتب الاعلام

التاريخ: ١٥/ ٠٥/ ١٤٢٨

## መስራቲ ጉባአ ማእከላይ ምብራቅ

"ናህዳ ንመሰል ውጹዓት ዝቃለስ ብቕዓት ዘለዎ ሰልፊ እዩ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ መስራቲ ጉባአ ማእከላይ ምብራቅ ብዕለት 31.05.07 - ክሳብ 01.06.2007 ፍናን ብዝመልአ ብድሙቅ ኣገባብ ተኻይዱ።

ነቲ ጉባአ ብሃንቀውታ ክጽበይዎ ዝጸንሑ ኩሎም ጉባአኛታት ክርክቡ እንከለው ነቲ ዝነበረ ሰናይ ሃዋሁ ዝዓስሎ ጉባአ ናይ ሞራል ደጋፍ ንምሃብ ካብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ዓለም (ማለት ካብ ሱዳን ስዊድን, ጀርመን, ሆላንዳ, ኣመሪካ, ክናዳ ወዘተ) ኣሕዋትናን ኣሓትናን ብስልኪ ደዊሎም ኣብቲ ጉባአ ብዘስምዕዎ ታሪኻዊ መደረ ነቲ ጉባአ ፍልይ ዝበለ ድምቀት ከምዝሃቦ ክዝከር ዝግባእ እዩ።

ኣብቲ ጉባአ ኣቦ መንበር ሐጋጊ ባይቶን ሓላፊ ህዝባውያን ማሕበራትን ኣባል ፈጻሚት ሽማግለ ናይ ሰልፊ ናህዳ ብምርካቦም ነቲ ጉባአ ፍሉይ ነጸብራቕ ሂብዎ ነይሩ።

ኣብቲ ጉባአ ምምሕዳራውን ቁጠባውን ጸብጻብ ቀሪቡ ብሰፊሕ ድሕሪ ምምይያጥን ምጽዳቅን ነቲ ናብዚ ዘለናዮ መድረኽ ንምብጻሕ ዝተኻየደ ጻዕርን ቃልስን ብክብሪ ተሚኑ; ብተውሳኺ እቲ ጉባአ ንዝቀረበ ውሽጣዊ ሕጊ ተኻቲዑ ብሙሉኡ ኣጽዲቑዎ: ብድሕርዚ ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ሐደሽ መሪሕነት ብምምራጽ ንቀጻሊ ቃልሲ ንምስልሳል ሐላፍነት ኣሰኪሙ። ቀጺሉ እቲ ጉባአ ነዚ ዝስዕብ ለባዋ የመሐላልፍ።

1 • ንመሰል ኩሎም ወጹዓት ኣርትራዊያንን ኣብ ዝካያድ ቃልሲ ኣብ ጎድኒ መሪሕ ሰልፊ ናህዳ ብምስላፍ ደው ከምዝብልን ንዝጥለብ ንዋታውን ንያታውን ደገፍ ንምምላእ ቁሩብ ከምዝኾነ።

2 - ኣብ ንቅሐትን ጥርናፈን ውደባን ዘተኮረ ሰፊሕ መደብ ዕዩ ብፍላይ ኣብ መንእሰይ ወለዶ ብምትካር ናይቲ ሰልፊ ብርተዐን ቀጻልነትን ዝድንፈዓሉ መደባት ተሓንጺጹ።

3 - እቲ ጉባአ ንተሳትፎ ደቀንስትዮ ድሕሪ ምርግጋጽ, ደቀንስትዮ ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ዘለወን ግደ ብደረጃ ሰልፊ ተጠርኒፈን ክዋሳኣ ይጽውዕ።

ኣብ መደምደምታ, እቲ ጉባአ ካብ ዝተጸበናዩ ንላዕሊ ሸትኡ ወቂዑ ብዓወት ክዛዘም እንክሎ ዝጸበየና ዘሎ መድረኽ ጽንኩር ከምምኻኑ መጠን ንኹሉ ድሉዋት ክንክውን ብምልባው እቲ ጉባአ ሰርሑ ጨሪሹ።

ፍትሕን ሰላምን ንውጹዕ ህዝብና

ወድቀት ንውልቀ-መላኺ ስርዓት ኢሰያስ